# ንኖርወይ ንዝኣትው ዝምልከት ክሳብ ሎሚ ዝጸንሐ መገሻዊ ውሸባ ይእለ ኣሎ።

## ትካል ህዝባዊ ጥዕና ብዝለገስዎ ምኽሪ መጠን ንገያሾ ዝምልከት መገሻዊ ውሸባ መንግስቲ ይኣልዮ ኣሎ፡ እቲ ምኽንያት መነጽር ሞያዊ ፍልጠት ምክልኻል ተላባዕቲ ሕማማት ኣድላይነት ስለ ዘይብሉ ኢዩ። እዚ ንገያሾ ዝምልከት ጠለብ  መገሻዊ ውሸባ ካብ ናብ ዕለት 26 ጥሪ 2022 ዘውግሕ ለይቲ ኣትሒዙ ድማ የብቅዕ።

ሎሚ ካብ ግዴታ ውሸባ ዘለዎ ቦታታት ዝመጹ ገያሾ ምሉእ ክቱባት ምዃኖም ወይ ኮቪድ-19 ከምዘሕለፉ ብብቑዕ ምስክር ወረቐት ኮሮና ከረጋግጹ ዘይክእሉ እንተደኣ ኮይኖም ኣብ ውሸባ መገሻ ክኣትዉ ግዴታ ኣሎዎም (እቲ ብመሰረቱ ን10 መዓልታት ዝጸንሕ ውሸባ መገሻ ቀልጢፉ ተባሂሉ ድሕሪ ምምጽኦም ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ እንተደኣ ጌሮም ከቋርጹዎ ይኽእሉ እዮም።) ትካል ህዝባዊ ጥዕና ዘመልከቱሉ ነጥቢ ‘’ምስክር ወረቐት ኮሮና ዘይብሎም’’ ገያሾ ካብ ምዝጉባት ገያሾ 7 ሚእታዊት ከምዝኾኑን ካብ ብዝሒ ልኹፋት ከኣ 4 ሚእታዊት ከም ምዃኖም እዩ። ስለዚ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ብዘካየዱዎ ገምጋም እምበኣር እዚ ስጉምቲ እዚ ንምዕባለ ከባብያዊ ለበዳ ኮነ ዓቕምታት ሆስፒታላት ኖርወይ ዘሕድሮ ጽልዋ ትሑት ብምዃኑø ውሸባ መገሻ ኣብዚ ዘለናዮ ህሉው ኩነታት ኣድላዪ ኣይኮነን በሃልቲ እዮም።

ምስ ህሉው ኩነታት ለበዲ ኖርወይ ብምንጽጻር ካብቶም ምስክር ወረቐት ኮሮና ዘይብሎም ገያሾ ልኹፋት ብዙሓት ከምዘይኮኑ ምስ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ይሰማማዓሉ እየ ትብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ኢንግቪልድ ሻርኮል። ውሸባ መገሻ ከምዝእለ ብምግባር ንኖርወይ ምኃሽ የቃልሎ ብምዃኑ ሕብረተሰብና ክንከፋፈቶ ኣብ ምቅልጣፍ ግደ ኣለዎ። እዚ ንጽላታት ንግዲ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ንጽላታት ቱሪዝም እወታዊ ሕብረተሰባዊ ቁጠባዊ ጽልዋታት ክህሉዎ ይኽእል እዩ።

ገያሾ መርመራታት ምግባርን ንኖርወይ ክኣትዉ ከለዉ ምምዝጋብን ክቕጽሉዎ ኣሎዎም። ምሉእ ክቱባት ምዃኖም ወይ ኮቪድ-19 ከምዘሕለፉ ብምስክር ወረቐት ኮሮና ከረጋግጹ ዘይክእሉ ሰባት ጌና ሕጂ ውን ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ ከምዝገበሩ ከርእዩ ኣሎዎም። ዝኣትዉ ገያሾ ምልክታት ከርእዩ ከለዉ ክምርመሩ ከምዘለዎምን ውጽኢት መርመራ ውጽኢቱ ኣወንታዊ እንተደኣ ኮይኑ ክግለሉን ከምዘለዎም ከዘኻኽረኩም ኣገዳሲ እዩ። እቶም ኣብ ውሸባ መገሻ ዝርከቡ ሰባት ንዕለት 26 ጥሪ ዘውግሕ ለይቲ ካብ ፍርቂ ለይቲ ካብ ውሸብኦም ክወጹ ይኽእሉ እዮም።
– ሕጂ ቅጥዒ ውሸባ መገሻ ከነልዕሎ ኣለና ዘብለኒ ዘሎ ኣገዳሲ ምኽንያት ውሸባ ለብዕን ውሸባ መገሻን ኣተሓሒዝና ክንርእዮ ኣድላዪ ብምዃኑ እዩ። ኣብ ሓደ ቤት ዘይቅመጡ ወይ ተመሳሳሊ ምቅርራብ ዘይብሎም ሰባት ውሸባ መገሻ ድሮ ተላዒሉሎም ኣሎ። ካብ 26 ጥሪ ንንዮ ኣብ ሕደ ቤት ዝነብሩ ሰባትን ተመሳሳሊ ምቅርራብ ዘለዎም ሰባትን፡ ኣብ ክንዲ ውሸባ ለብዒ መዓልታዊ መርመራታት እዮም ከካይዱ ትብል ሻርኮል።

ኩነታት ለብዒ እንተደኣ ተቐይሩ ወይ ዝያዳ ዝተረሩ ስጉምትታት ዝሓትት ሓድሽ ዓይነት ቫይረስ እንተደኣ መጺኡ ውሽባ መገሻ ከም ብሓድሽ ክተኣታቶ ይኽእል እዩ። ኣብ መጀመርታ የካቲት መንግስቲ ንብምሉኦም ንገያሾ ዝምልከቱ ስጉምታት ውህሉል ገምጋም ክገብረሎም እዩ፡ ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ ከኣ ሒዝናልኩም ክንምለስ ኢና።

- **Les pressemelding: Testing erstatter smittekarantene for nærkontakter/ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ንመቃርብቲ ዝምልከት ውሽባ ለብዒ ብመርመራታት ይትካእ**